## ኩነታት ህግደፍ “ክብርታትና ንዓቕብ”

ህግሓኤ ከም ሓደ ሰፊሕ ናይ ሓርነት ምንቅስቓስ መጠን ዝተፈላለየ ሪኢቶታት ሓቝፉ ክጎዓዝ ባህሪያዊ እዩ። እዚ ባህሪ’ዚ ድማ ኣብ ኩሉ ሰብ ከምርዱእ ተወሲዱ እምባኣር’ዩ ቀንዲ ኣተኩሮኡ ኣብቲ ሃገራዊ ቃልሲ ንሓርነት ህዝብን መሬትን ጌሩ ዝሰርሕ ነይሩ። መብዛሕትና ድማ እዚ ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባር እዚ ተጻዋርን ብስለት ዘለዎን ይመስለና ነይሩ። እዚ ህዝባዊ ኣራኣእያ’ዚ ዝፍተነሉ ጊዜ ግን ዘገም እናበለ መጺኡ።

እዚ ንነዊሕ ፈኺም እናበለ ክምዕብል ዝጸንሐ ምፍሕፋሓት ናይ ላዕለዋይ መሪሕነት እቲ ውድብ ይኹን ታሕተዋይ ጽፍሕታት፡ ነቲ ሓቀኛ ባህሪ እቲ ውድብ ንደገ ዘቃልዐ መድረኻዊ ክውንነት ክኸውን በቒዑ እዩ። ሓደ ውድብ ክብርታት ክህልዎን ሓያልን ርጉእን ክበሃል እንተዳኣ ኮይኑ፡ ናቱ ዝኾነ ውሽጣዊ ዲሞክራሲያዊ ናይ ኣፈታትሓ ግጭታት ኣገባባት (conflict resolution mechanisms) ክህልውዎ ይግባእ። በዚ መንጽር ነዚ ሎሚ ኣብ ስልጣን ዘሎ ገለ ክፋል እቲ ናይ ቀደም ህግ ዝተጠቕመሉ ሜላታት ክንሪኢ ንፈትን።

እዞም ላዕለዎት ሃገራውያን ተቓለስትን ሓለፍቲ እቲ ግንባርን ግቡእ ኣኼባታት ምስ ጠለቡ፡ ዝተዋህቦም መልሲ “ትጋገዩ ኣለኹም” እዩ። እዚ መልሲዚ ኣብ ከምቲ ኤርትራ ኣትያቶ ዝነበረት ኩነታትስ ይትረፍ ኣብ ንቡር ኩነታት እውን ክበሃል ዘይግብኦ ዘይሓላፍነታዊ ግብረ-መልሲ እዩ ዝነበረ። ኣኼባ ምጥላብ እውን ኣብዚኾነ ጊዜን ኩነታትን ጌጋ ኮይኑ ኣይፈልጥን እዩ። ካብኡ ሓሊፉ እውን ነዞም ዓበይቲ ሰበስልጣን መንግስቲን ኣባላት ጊዚኣዊ ሃገራዊ ባይቶን “ወያነ፡ ዕሱባት፡ ተሰዓርቲ” ወዘተ ዝብል ኣስማት በቲ ንሳቶም ዝሰርሕዎ ግንባር ክወጸሎም ምጅማሩ ንቡዙሓት ተኸታተልቲ ዘስደመመ ተርእዮ ኮነ። ካብኡ ሓሊፉ’ውን መብዛሕትና ዝሰሓቕናሉ ካብ ጥዑይ ኣእምሮ ክወጽእ ዘይክእል ዘረባታት ኮይኑ ረኺብናዮ።

ብርግጽ ሓደ ክብሪ ዘለዎ ውድብ ንቀንዲ መራሕቱ ብኸምዚ ዓይነት ኣገባብ ምንሻዉ ንርእሱ ኣብ ትዕዝብቲ ዘእቱ መግለጺታት ከውጽእ ኣይክእልን’ዩ። ገዳይም ሃገራውያን ተቓለስትን መራሕቲ ህግን ዝኾኑ ከም ባዓል ሚኒስተር ማሕሙድ ሸሪፎ፡ ሚኒስተር ሃይለ ወልደትንሳኤ፡ ሚኒስተር ጴጥሮስ ሰለሙን፡ ሚኒስተር መስፍን ሓጎስ፡ ጀነራል ዑቕበ ኣብራሃ፡ ጀነራል ብርሃነ ገረዝጊሀር (ኩሎም ኣባላት ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ህግሓኤን ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ሓርነትን ዝነበሩ) ሃገራውያን፡ ጸላእቲ ኤርትራን ዕሱባት ኢትዮጵያን ጌርካ ከተቕርብ ምፍታን ሕሱር ፕሮፖጋንዳ ምዃኑ ኩሎም ኣባላት ህግደፍ ኣዳዕዲያም ዝፈልጥዎ ሓቂ እዩ። ብዙሓት ናይ ደገ ተዓዘብቲ’ውን ኣብ ህግደፍ ዝነበሮም ሚዛን ዝፈለጥሉ ህሞት ምኻኑ ይዛረቡ እዮም። እዞም ኩሎም ኣብ ማሕዩር ዝበልዩ ዘለዉ ደለይቲ ለውጢ ኤርትራውያን “ከዳዓት” እንተኾይኖም ዳኣ፡ መን ዝመርሖ መሬታዊ ናጽነት ኢና ሪኢና? ኩሎም እዞም ሃገራውያን መራሕቲ ወያነ እንተኾይኖም ዳኣ ህግ ዝበሃል ኣይነበረን ማለት እዩ። ሃገራዊ ቃልሲና’ውን ብወያነ እዩ ተመሪሑ ማለት እዩ! ብመንጽር እዞም ሃገራውያን መራሕቲ እዞኦም ክረአ እንከሎ ድማ እቶም ኣብ ምጽላም ዝተዋፈሩ ኣባላት ህግደፍ በዓል፡ ዓሊ ዓብዱ፡ የማነ ገብረኣብ፡ የማነ ገበረመስቀል፡ ሓጎስ ገብረህየት፡ ዘምህረት፡ ዓብደላ ጃብር፡ ግርማ ኣስመሮም፡ ተስፋሚካኤል ገራህቱ፡ ወዘተ ዝባሃሉ ኣብ ጽፍሕታት መሪሕነት

ዘይነበሩ፡ ካብ ዝተፈላለዩ ክፍልታትን ተራ ኣባላትን ዝተወጽኡ ሚዛን ዘይብሎም ውልቀ ሰባት ምኻኖም ዘሕፍር ኩነት ኣብቲ ግንባር ክፈጥር ኪኢሉ እዩ።

ምናልባት ገለ የዋሃት ካባና ድማ ነቲ ብዛዕባ እቲ ኣብ ልዕሊ እዞም ለውጢ ብምርድዳእ ከም ዝመጽእ ኣሚኖም ጻዊዒቶም ዘቕረቡ ሃገራውያን መራሕቲ ዝተወስደ ስጉምቲ፡ ብብዝሒ ፕሮፖጋንዳ ክንኣምን ኪኢልና ንኸውን። ኣይፍለጥን'ዩ ሰብ ብዙሕ'ዩ ዓይነቱ! ስለዚ ነቲ ኹነታት ካብ ጉዳይ እዞም ዝጠፍኡ ኤርትራውያን ፈሊና ክንርእዩ ንፈትን። ህግደፍ ንኸዳዓትን ወያነን ዝበሎም ምስ ኣለየ ኣብ ከመይ ዝበለ ኩነታት ይርከብ ኣሎ? ብድሕሪኡም ክብሪታቱ ረኺብዎምዶ? ነዚ ሕቶ'ዚ ንምምላስ ንህግደፍ ክንግምግሞ ናይ ግድን እዩ።

ኣብዚ እዋን፡ 5 ድሕሪ ምእሳር እቶም ሳዕለዎት ሓለፍቲ፡ ህግደፍ ኣበየናይ ደረጃ ኣሎ። ብመጀመርታ ህግደፍ ንዝሓለፉ 12 ዓመታት ጉባኤ ዝበሃል ኣየካየደን። ሓደ ውድብ እንተወሓደ ኣብ ክልተ ዓመት ጉባኤ ክገብር ናይ ግድን እዩ። እንተዘይኮይኑ ኣድማዒ ኮይኑ ከም ውድብ ክቕጽል ዘለዎ ዕድል ውሑድ እዩ። ኣገዳስነት ውድባዊ ጉባኤ ዓቢ እዩ። ጉባኤ ንዝሓለፉ ስራሓት ክትግምግም የኽእል፡ መራሕትኻ ገምጊምካ፡ ሓደስቲ ክትትክእ ይሕግዝ፡ ከምኡውን ንመጻኢ ዘሎካ መደባት ክትቅይስን ክትሰርዕን ዘኽእል ዓቢ ናይ መሰጋገሪ መድረኽ'ዩ ክበሃል ይካኣል። ህግደፍ ን12 ዓመታት ጉባኤ ከየካየደ ምጽንሑ ዘይምኽኑይ ኣብ ርእሲ ምኻኑ፡ ህላውነቱ ከም ውድብ ኣብ ምልክት ሕቶ ዘእቱ'ዩ። ብፍላይ ኣብዞም ዝሓለፉ 6 ዓመታት ዘይተኻየደሉ ምኽንያት ብቡዙሓት ካብ ኣባላት እቲ ውድብ ሕንቅልሕንቀሊተይ ኮይንዎም ይርከብ። እዚ ጥራይ ኣይኮነን ንመጻኢውን ብዛዕባ ውድባዊ ጉባኤ ዝወጸ ዝኾነ መደብ የለን።

ኣብ ኣካላት እቲ ግንባር እውን እንተመጺእና ዳርጋ ኩሎም ማህሚኖም እዮም እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን። ኣብዚ ጊዜ እዚ ህግደፍ ፈጻሚ ኣካል ዝበሃል የብሉን። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ ኣብዞም ዝሓለፉ 7 ዓመታት ኣኼባ ፈጻሚት ሽማግለ ዝበሃል ኣይነበረን። ኩሎም 18 ኣባላት እቲ ፈጻሚ ሽማግለ ኣበይ ከምዘለዉ እውን ዝፍለጥ የለን። ገሊኦም ተኣሲሮም፡ ገሊኦም ተሰዲዶም፡ ሒደት ድማ ኣብ ክፍልታት መንግስቲ ተመዲቦም ይሰርሑ ኣለዉ። እዚ ኣካል'ዚ ብመሰረት ቅዋም ህግደፍ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ክእከብ ይግብኦ። እንተኾነ ግን ይትረፍዶ ክእከብ ህላዊኡ ዘብቀዐ ኣካል ኮይኑ ንረኽቦ። ኣብዚ እዋን'ዚ ብዙሓት ካድረታት ህግደፍ ዘዕዘምዝምሉ ዘለዉ ተርእዮ ከምዝኾነ ድማ ነቶም ኣባላት ቅርበት ዘለዎም ተዓዘብቲ ዝዛረብሉ ዘለዉ ጉዳይ እዩ።

ምፍራስ ፈጻሚት ሽማግለ ህግደፍ ግን ምስ ህላወ ማእከላይ ሽማግለ ህግደፍ ብቐጥታ ዝተኣሳሰር ኩነታት እዩ። ማእከላይ ሽማግለ፡ ኣብቲ ህግደፍ እቲ ዝላዓለ ስልጣን ዘለዎ ሓጋጊ ኣካል ናይቲ ውድብ እዩ። እዚ ኣካል'ዚ ብኣባላት እቲ ግንባር ዝተመርጹ 75 ኣባላት ዝቐመ ዝዓበየ ኣካል'ውን እዩ። ከም ልምዲ ማእከላይ ሽማግለ'ዩ ነቲ ፈጻሚ ኣካል ዝመርጾ። ብመሰረት ቅዋም ህግደፍ ማእከላይ ሽማግለ ኣብ ሽዱሽተ ወርሒ ክእከብ ይግብኦ። እተኾነ ግን ማእከላይ ሽማግለ ህግደፍውን ዕጫ ፈጻሚ ኣካል በጺሕዎ ንሸሞንተ ዓመታት ከይተኣከበ ድሕሪ ምጽናሕ ምሉእ ብምሉእ ካብ ስራሕ ወጻኢ ኮይኑ ክፈርስ ተጌሩ። እዚ ምፍራስ ትካላት ህግደፍ ንኣባላቱ ብንጹር ዝተገልጸ ነገር የልቦን። ስለዚ ድማ ተሳታፍነት ኣባለት ኣብቂዑ ኩሎም ኣባላት ብዛዕባ ውድቦም ዝፈልጥዎ ነገር ስለዘይብሎም ጸልሚትዎም ብታሕቲ ታሕቲ ከጉረምርሙ ይስምዑ።

ንግዳዊ ትካላት ህግደፍውን እንተኾነ ካብ ቁጽጽር እቲ ግንባር ወጺኦን መን ከምዘካይደን ዝፍለጥ ነገር የሎን። ብመሰረት ወሳኔ እቲ ግንባር ኣብ 1994 "ማዕከን ሕድሪ" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ቦርድ ክማሓደር ተባሂሉ ዝቖመ ቦርድ ፈሪሱ ኣባላቱ ድማ ፋሕፋሕ ከም ዝብሉ ተጌሩ። ስለዚ ድማ ኣብዚ እዋን እዚ ነተን ልዕሊ 40 ዝኾና ንግዳዊ ትካላት ህግደፍ ዘማሓድር ቅጥዒ ብዘይምህላዉ ኣብ ውሽጢ እቲ ግንባር ምዕዝምዛማት ክስማዕ ጸኒሑ ኣሎ። ኣታዊ ናይተን ትካላት ዝቆጻጸር ኣካል ብዘይምህላዉ፡ ኣብ ትሕቲ ውሑዳት ውልቀሰባት ይኣቱ ከምዘሎ ካብቲ ግንባር ምንጭታት ይሕብሩ ኣለዉ።

ስለዚ ኣብዚ እዋን እዚ ውድብ ህግደፍ ዝኾነ ዓይነት ውድባዊ ቅርጽን ባህርን ከምዘይብሉ ንኣባላት ይኹን ንናይደገ ተዓዘብቲ ብሩህ ኮይኑ ዘሎ ክውንነት እዩ። ኮሎም ኣካላቱ ፈሪሶም፡ መሪሕነቱ ፋሕፋሕ ኢሎም፡ ቅዋሙ ተደርብዩ ዘሎ ውድብ ኮይኑ ተሪፉ ኣሎ። ገለ ተንተንቲ ፖለቲካ ከምዝብልዎ ድማ ህግደፍ ኣርባዕተ ማሓውራ ዘለመሰ ጎማኣ ዝነፈሰ፡ ኣካላታ ዝተመናጨተን ሞተረኣ ዝገዓዘን ኣብ እንዳጎሓፍ ዝተደርበየት ኣረጊት መኪና ኮይና ኣላ። እዞም ተንተንቲ ከም ዝብልዎ ድማ ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት ዝወደቐ ውድብ ክዕረ ኣጸጋሚ ምዃኑን፡ ምብቃዕ ህላወ እቲ ውድብ ከምዝኣኽለን እዩ። እቲ ምንታይሲ ሎሚ ኣባላት ህግደፍ ንምጽጋን እቲ ውድብ ዝምልከት ሕቶታት ምቕራብ ነውሪ ምዃኑ ስለዝተነግሮም ብዙሓት ካብኦም ተስፍኦም ኣብቲ ውድብ ከምዝማህመነ በጨቕ ከብሉ ጀሚሮም ኣለዉ። ሎሚ ህግደፍ ሓደ ህንጻን ኣርማን ጭርሖን ጥራይ ኮይኑ ተሪፉ ኣሎ።

ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት ግን ሓደ ሕቶ ክፍጠር ናይ ግድን እዩ። ንሱ ድማ እዚ ደሮ ፈራሪሱ ዘሎ ውድብ መን ይከታተሎ ኣሎ ዝብል'ዩ። ዋላ'ኳ ንምግላጹ ዘጸግም እንተኾነ፡ ምፍራስ እዚ ውድብ ብሃውሪ ከምዘይኮነ ክፍለጥ ይግባእ። እዚ ካብ ነዊሕ ክስራሓሉ ዝጸንሐ ምዃኑ ድማ ገለ መረጋገጺታት ኣይስኣንን ይኸውን። ኣብዚ መስርሕ እዚ ሓደ ሰብ ከምዝሸወደ ብሩህ እዩ፡ ንሱ ድማ እቲ ኣብ 1994 ብማእከላይ ሽማግለ ዝተመርጸ ኣቦ መንበር ህግደፍ ኣቶ ኢሰያስ ኣፈወርቂ እዩ። ኣብ 2001 ምስ መጽሄት ሕውየት ዝገበሮ ቃለ-መሕትት ዝሃቦ መግለጺ ደጊምካ ምውካስ ኣካሊ መርትዖ እዩ። ኣቶ ኢሰያስ "ህዝባዊ ግንባር ማለት መንግስቲ ህዝብን ኤርትራ'ዩ፡ ኣነ ድማ ህዝባዊ ግንባር እየ" "እዚ ፈላሊካ ክርአ ዝግብኦ ግዳይ ኣይኮነን" ዝበሎ ምስ ጊዜ ዝተራእየ ሓቀኛ ተረኺቦ ኮይኑ ኣሎ። እዚ ኣባሃህላ ብመንጽር ውሽጣዊ ኣተሓሳስባ ኣቶ ኢሰያስ ክረአ እንከሎ "ኤርትራ ማለት ኢሰያስ ኣፍወርቂ ማለት'ዩ"። ውድዓዊ ኩነታት ኤርትራን ታሪክ ህግን ዘነጸሮ ሓቂ እንተሃልዩ ሓቅነት ናይ'ዚ ኣባሃህላ እዩ። እዚ ዘረባዚ ኣብ ታሪኽ ህግደፍ ይኹን ታሪኽ ኤርትራ ክዝንቶ ክነብር እዩ። እዚ ምልካዊ ኣተሓሳስባዚ ነቲ ኣብ 17 ክፍለዘመን ንሃገረ ፈረንሳ ን72 ዓመታት ዝመርሐ ምልካዊ ንጉስ ልዩስ 14 ዝበሎ የዘኻኽረካ። ንጉስ ሉይስ "ለታ ሰሙዋ- ማለት ኣነ ሃገር እየ" ክብል ምርኡይ ዘረባ ተዛሪቡ ብሕማቕ ክዝከር ይነብር ኣሎ። ኣቶ ኢሰያስውን ኣነ ኤርትራ እየ ምባሉ ናይ ቅድሚ 400 ዓመታት ኣተሓሳስባ ሒዙ ይጎዓዝ ከምዘሎ ዘተንብህ እዩ ይብሉ ናይ ፖለቲካ ተንተንቲ። ኣብ 2004 እውን ካብ ስልጣን ክትወርድ ትሓስብዶ ዝብል ብሓደ ኣውስትራልያዊ ጋዜጠኛ ምስ ቀረበሉ "ኣብ እምሮይ ከማን ሓሊፉ ኣይፈልጥን" ክብል ምምላሱ ሓደ ሓደገኛን ኣሰካፍን ኩነታት ኣብ ኤርትራ ነጊሱ ምህላውን የርእየካ።

ስለዚ እዚ “ክብርታትና ንዓቅብ” ዝብል ዘመተ ትኩርነት ኣባላትን ህዝቢ ኤርትራን ንምድህላል ዝግበር ዘሎ ኮይኑ ድሮ እኳ ከይተበገሰ በርዒኑ ኣሎ። ምኽንያቱ ድማ ኣባላት እቲ ውድብ ኣብ ውሽጦም ዘሎ ዘይምዕጋብ ክትኩስዎ ቀሪቦምሉ ዘለዉ ጊዜ ብምኻኑ። ብሓቂ ክባሃል እንተዳኣ ኮይኑ ድማ “ክብርታትና ንዓቅብ” ዘይኮነስ “እከይ ግብርታትና ንዓቅብ” “ን ኣቶ ኢሰያስ ንዓቅብ” ተባሂሉ እንተዝጽዋዕ መምሓረሉ። እዞም ክብርታት እዚኦም እንተኾይኖም ታሪኽ ህግ ደጊምካ ክድህሰስ ከምዘለዎ የረዳኣካ። እቲ ዓረሞሸሻዊ ዝነበረ ውድብ ድማ ቀስ ብቐስ መንነቱ ኣብ ሓደ ውልቀ ሰብ ምስግጋሩ ምብቃዕ እቲ ውድብ ዘሪኢ ምኻኑ ንኹሉ ኤርትራዊ ብሩህ ኮይኑ ኣሎ።